# ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ
# ኣብ ካርቱም መብርሂ ሂቡ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
## 23.03.2007

ብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብ22 መጋቢት 2007 ኣብ ካርቱም ን40 ዝኾኑ ኣባላት መሪሕነትን ላዕለዎት ካድራትን ናይ'ቲ ቀዳማይ ወገን ኤዲኪ ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዝተፈጥረ ቅልውላው መብርሂ ሂቡ።

ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ከይዲ ናይ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እተሰላሰለ ጉባኤን ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነትን ብዝርዝር ገሊጹ። ጠንቂ ናይ'ቲ ቅልውላው ድማ፡ እቲ ንክልተ ዓመታት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ዝጸንሐ ባእታ፡ ካብ ቦታኡ ክወርድ ዘይምድላዩን፤ ንሳልሳይ ዓመት ክምረጽ ኣትሪሩ ስለዝደፍአን ምኻኑ ኣብሪሁ።



ብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ብብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ፤ ብብጻይ ሓጅ ዓብደል ኑር፡ ሓላፊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ፤ ከምኡ ውን፡ ንውድባቶም ወኪሎም ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተሳቲፎም ዝነበሩ ብጾት ማሕሙድ ዑመርን መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ተሰንዩ'ዩ ነቲ መብርሂ ዘቕረቦ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዘጋጠመ ቅልውላው ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ብዛዕባ ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መጻኢ ክሰላስሎም ዘለዎ ዕማማት ውን ኢዮም ተመያይጦም።

**ኣኼባ መሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት፡ ሎሚ፡ ዕለት 23 መጋቢት ክካየድ መደብ ተታሒዙሉ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።**

